# <u>ድሌቱ ከይጠየቕካን ዝኸፋፍሎ ኣካይዳ እናተኸተልካን ህዝቢ ምትእኽካብ ኣይከኣልን!</u>

ብታሕሣሥ 19 2006 ዓ.ም (December 28, 2013) ክሳብ ጥሪ 24 2006 ዓ.ም (February 01, 2014) ዓለምለኸ ናይ ኢሮብ ማሕበር ንምምሥራት ዝኣመተ ዓለምለኸ ናይ ተወለድቲ ኢሮብ ናይ ስልኪ ኣኼባታት (Teleconferences) ከምዝተጸወዑን ከምዝተኻየዱን ዝዝከር እዩ። ናይ'ዚ መግለጺ ዋና ውራይ እዘን ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝተገብራ ናይ ስልኪ ኣኼባታት ኣከያይዳን መደምደምታን ዝተርኣዩ ጸገማትን ድኽመታትን ብምፍታሽ ከመይ ክስተኻኸሉ ከምዝኽእሉ ሃናጺ ሓሳባት ንምሃብ እንክኸውን፤ ኣቀድምና ግን እንካብ ነዊሕ እዋናት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወጻኢ ማሕበር ተወለድቲ ኢሮብ ንምምሥራት ካብ ዝተገብሩ ጻዕርታትን ውጽኢታቱን ብዝተወሰነ ደረጃ ምጥቃስ ኣድላዪ ኮይኑ ስለተርኣየና ብኡ ጀሚርና ናብቲ ዋና ውራይ ናይዚ መግለጺ ክንምለስ ኢና::

ኣብ ውሽጢ ሃገር

ኣብ 60ታት ብምልዕዓል ክቡር ኣቡነ ዮሓንስ ወ/ጊዮርጊስ "የኢሮብ ኑሮን ማሻሻል" ዝብልን "ተምሮ ማስተማር" ዝብልን ጭርሖታት ዘሰጉም "የኢሮብ ትምህርት ቀመስ ክለብ" ዝበሃል ማሕበር ኢሮብ ተመሥሪቱ ነይሩ። ብመርሕነት አቡነ ዮሓንስን ብሐገዝ በዓል አባ አብርሃ ባራኺን ዝንቀሳቐስ ናይ ዝነበረ "የኢሮብ ትምህርት ቀመስ ክለብ" ሎሚ ኣብ ዓቢይ ሓላፍነት ዝርከቡ ከም እኒ ኣቡነ ተስፋስላሴ መድኅንን ኣቡነ ኣብርሃ ደስታን፤ከማኡ'ውን ካልኦት ኣርሒቕም ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ዝነበሮም/ዘለዎምን ተምሃሮ ኢሮብ እዮም ዝመርሕዎ ነይሮም። እዙ ክለብ እስካብ ደርግን ዝተፈላለዩ ናይ ፖለቲካ ውድባትን ብዝገበርዎ ፅቕጢ ዝገብሮ ዝነበረ ሥሩዕ ምንቅስቓስ ዝዳኸምን ኢሉ'ውን ዝፈርስ፤ ተምሃሮ ደቂ ኢሮብ ናይ ክረምቲ ዕረፍቶም ዘይተምሃረ ወገኖም ኣብ ምምሃር ንኸሕልፍዎ ብምብርትታዕን ተግባራዊነቱ ብምክትታልን፤ ከምኡ'ውን ካልእ ታሪኻዊ ሥራሓውቲ ከምዝሠርሐ ዝዝከርን ተሰኒዱ ዝተቐመጠን ሓቂ'ዩ። እዙ ኩሉ ክሥራሕ ዝተኽኣለ ኻዓ፤ ብዘይካ ምንም ኣፈላላይ ንኹሎም ኢሮበቶት ንምትእኽኻብ ዘኽእል ባይታ ኣቖዲሙ ብዚግባእ ተሓሲቡሉን ተመድሚዱን ሙሉእ ተሳታፊ ሓሳቡ ሂቡሉን ዝተመሥረተ ማሕበር ስለዝተቛቛመ እዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን ኣብ አዲስ አበባ ኣብ 70ታት መፋርቕ ኣቢሉ ናይ ተወለድቲ ኢሮብ ማሕበር ተመሥሪቱ ነይሩ። ይኹን እምበር ብእዋን ደርጊ ብድልየትካ ህዝባዊ ማሕበራት ምቁቛም ክልኩል ስለዝነበረ ብሕቡእ እዩ ዝንቀሳቐስ ነይሩ። ብምኳኑ'ውን ከምቱ ዝተመነዮ ንምንቅስቓስ ኣይከኣለን ነይሩ።

ካብ ሃገር ወጻኢ

ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ብኣቋፃፅራ ፈረንጂ አብ ሰማኒያታት ማሕበር ደቂ ኢሮብ ሰሜን ኣሜሪካ ተመሥሪቱ ክሳብ መፋርቕ ተስዓታት ዝፀንሐ እንትኸውን ዓቕሚ ብዝፈቕዶ ብምንቅስቓስ ዘይነዓቕ ኣስተዋጽኦ እናበርከተ ነይሩ'ዩ። እዙ ማሕበር'ዙይ ካብ ዘበርከቶም ሓድሓደ ኣስተዋጽኦታት ንምጥቃስ ይከኣል እዩ። እዚኦም'ውን፦ ኣብ ሰመኒያታት መፋርቕ ናብ ሱዳን ንዝተሰደዱ ደቒ ኢሮብ ዝተወሰነ ሓገዝ ምግባር፤ ከምኡ'ውን ንቤት-ትምህርቲ ዓሊተና (ልደታ) ንምሕጋዝ ዘይነዓቕ ምንቅስቓሳት ገይሩ ኢዩ። ብፍላይ ህዝቢ ኢሮብ ብወራር ሻዓቢያ ንኽልተ ዓመት ሙሉእ ኣብ ዱርን ባዓትን ኣብ ዝነብረሉ ዝነበረ እዋን፤ እዙ ማሕበር'ዙይ እቱ ዝበጽሖ ዝነበረ ግፍዒ ብዓለም ደረጃ ንክፍለጥ ኣብ ምግባር፣ ከማኡ'ውን ሻዓቢያ ሃገርና ወሪሩ ዓዲ ኢሮብ ግዝኣት ናይ ኤርትራ እዩ ኢሉ ኣብ ዝምጕተሉ ዝነበረ እዋን፤ ኤርትራ ብምንም ዓይነት መመዘኒ ናይ ግዝኣት ይግበኣኒ ጥያቌ ክተቕርበሉ እትኽእል ሕጋዊ መሰል ከምዘይብላ ኩሎም

ኢትዮጵያውያንን ናይ ዓለም መንግሥታትን ንኽርድእዎን ክፈልጥዎን ንምግባር ብታሪካዊ ሓቂ ዝተደገፈ መረዳእታታት እናቕረበ ብምሑጓት ኣስተዋጽኦ ኣበርኪቱ እዩ። ምንም እኳ እቶም ዘቕረቦም ጭብጥታትን መረዳእታታትን ብመንግሥቲ ኢትዮጵያ ዝግባእ ኣቓልቦ እንተዘይተውሃቦ እቲ ማሕበር ዘይናዓቕ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ግን ኩሉ ዝኣምነሉ ይመስለና። ይኹን'ምበር ሎሚ እዚ ማሕበር'ውን የለን። ስለምንታይ ክቅዕል ከምዘይከኣለ ምግላፅ ኣድላዪ ክኸውን ይከኣል። እንተኾነ ግን ብዛዕባኡ ምግላፅ ናይ'ዙ መግለፂ ዕላማ ስለዘይኮነ ንጊዜኡ ክንሓልፎ ንመርጽ።

ኣጠቓልልካ ክረአ ከሎ፣ ቅድሚ ሐዚ ዝተገብሩ ፈተነታትን ዝተረኽቡ ውጽኢታት ርኢና፣ህዝቢ ኢሮብ እንካብ ቀደም ጀሚሩ ሓቢሩን ተወሃሂዱን ሓባራዊ ጸገማቱ ብሓባር እናዘተየ ክፈትሕ ዘኽእሎ ማኀበርን ማሓውርን ክምሥርት ከምዘለዎ ዝኣምኑ፣ ኣርሒቖም ዝጥምቱ እንካብኡ ዝበቖሉ በላሕቲን ፈላጣትን ሰባት ከምዝነበርዎን ሐዚ'ውን ከምዘለውዎን ዘረጋግጽ ብሩህ መርኣያ ተገይሩ ክውሰድ ዝግበኦን ናይ ሎሚ ወለዶ'ውን ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት እናመርመረ፣ ዘበን ዘምጽኦ ቴክኖሎጂን ፍልጠትን ወሲኹ ኣመሓይሹ ክጥቀመሉ ዝግባእ ኣብነታዊ መረዳእታ እዩ።

ናብቲ ናይ ቀረባ ግዘን ልዕል ክብል ዝተጠቕሱን ክልተ ዓለምለኽ ናይ ተወለድቲ ኢሮብ ናይ ስልኪ ኣኼባ (Teleconferences) እንተንምለስ፣ ከምቲ ኣቀድምና ዝገለጽናዮ እዞም ብስም ተወለድቲ ኢሮብ ዝተጸውዑ ኣኼባታት ኣካይዳን ኣፈጻጽማን ብዚምልከት፣ እቲ ኣኼባ ዝመርሕ ዝነበረ ኣካል ኣብ ዝፈጸሞም መሠረታዊ ጌጋታት ሃናጺ ርእይቶ ምቕራብ እዋናዊን ኣገዳሲን መሲሉ ይረኣየና።

ውጺኢት እቲ ዝተጸወዐ ኣኼባ ከምቲ ዝድለ እኳ እንተዘይኮነ፣ እዙ ናይ ስልኪ ኣኼባታት ንኽካየዱ፣ ናብ ብዙሓት ደቂ ኢሮብ እናደወለ ብምዝርራብ ዓቢይን ኣዎንታዊን ግደ ንዝተጻወተ ሓውና ኣቶ ተስፋይ ደስታ እንከይኣመስገናዮ ክንሓልፍ ኣይንደልን። ኣቶ ተስፋይ ደስታ ዝገበሮ ዓቢይ ጻዕሪ ዝድነቕ ኮይኑ ግን እቲ ኣኼባ ኣብ ኣዛዝማ፣ ኣብ ባይታ ዘለው ጸገማት ኣብ ግምት ዘየእተወ ናይ ጉያ ጉያ ኣከያይዳ እምበር ንኹሉ ዝጥርንፍ ኣካይዳ ኣይነበረን ዝብል እምነት ኣሎና። እዙይ መበሊና ከዓ ብምኽንያት እና'ኣደገፍና ከምዚ ዝስዕብ ነቕርቦ።

<u>ብታሕሣሥ 19 ፣ 2006 ዓ.ም ዝተገብረ ናይ ስልኪ ኣኼባ</u>

ናይዙ ኣኼባ ኣጀንዳታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ እንከይተረፈ ብግልጺ ተለጢፎም ኩልና ሪእናዮም እና። ንሳቶም ከዓ፦

1) ህልዊ ኩነታት ኢሮብ እንታይ ይመስል?
2) ምስ ኩሉ ፖለቲካዊ ኣፈላላይና ከም ኢሮበቶት ሓቢርና ክንሠርሓሎም ዝግብኡና ፀገማት ኢሮብ ኣየኖት ኢዮም?
3) እቶም ሓቢርና ክንሠርሐሎም ንኽእል ኢና ኢልና ዘቕመጥናዮም ጸገማት ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ሓደ ማሕበር ተኣኪብና ንምውጋእ እንታይ ክንገብር ኣሎና?
4) ካብ ተሳተፍቲ ዝቀርብ ኣጀንዳ እንተሊዩ

ዝብሉ እዮም ነይሮም።

እቲ ኣኼባ እንትጀመር፣ ዕላማ ናይቲ ኣኼባን ኣድላይነቱን ብኣቶ ተስፋይ ደስታ መብራህሪ ኣብ ርእሲ ምቕራቡ፣ ንዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣጀንዳታት'ውን ኣፋሊጡ እዩ ንቲ ኣኼባ ክፈትዎ ነይሩ። እስካብ እዙ እዋን እዙይ እቲ ኣኼባ ኣገባብ ዝሓዘ መስመር ተኸቲሉ እዩ እናተመርሐ ነይሩ። እንካብኡ ንደሓር ኣብ ዝነበረ ከይዲ ግን፣ እቲ ኣኼባ ከም ኣጀማምራኡ ውሕሉል

ኣይነበረን። እቲ መድረኽ ንተሳተፍቲ ክፉት እንካብ ዝተገብረሉ ደቓይቕ ጀሚሩ መስመሩ ሲሒቱ ውልቀሰባት እንካብ ኣጀንዳታት ወጻኢ ብወነኖም እናተዛረቡ እዮም ኣካይዳ እቲ ኣኼባ ናብ ድልየቶም ዝቐየርዎ። እቲ ዝቐረበ ኣጀንዳታት ንጎኒ ተጎስዩ እንትሕለፍ ምእራም ወይ ከዓ ናብቲ ኣጀንዳ ምምላስ ኣይተኽኣለን ወይ ድማ ኣይተደለየን። ስለዝኮነ ካዓ፤ እቶም ዝቐረቡ ኣጀንዳታት ፈጺሞም ተረሲዖም ተሳተፍቲ ከም ዝመጸሎም ምዝራብ ጀመሩ፤ እቲ ኣኼባ'ውን መንገዱ ሲሒቱ።

ብፍላይ እቶም ኣብ ኣጀንዳ ቁጽሪ 2ን 3ን ዝተቐመጡ ምናልባት'ውን ንኹሉ ከተኣኻኽቡ ዝኽእሉ መፍትሕታት ክቐርቡ ዝኽእለሉ ዝነበሩ ዕድላት ተዓጽዩም። እዞም ቀንዲ ኣጀንዳታት እዚኣቶም ብዝግባእ ዝርርብ ንክግበረሎም ዕድል ነይሩ እንተዝኸውን ምናልባት ናብ ምርድዳእ ምብጻሕ ምተኽኣለ ነይሩ። ኣብ ምርድዳእ ምብጻሕ እንተዘይተኽኣለ'ውን ክፍትሑ ዝግበኦም ፀገማት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ተነጺሮም ወጽዮም ፍታሕ ንምርካብ ክንክተሎ ዝግበአና ኣካይዳ ንምምርማር ምሓገዘና ነይሩ ዝብል እምነት ኣሎና። ብምኻኑ'ውን ኣብቲ ዝድለ ሸቶ ከይብጻሕ ዕንቅፋት ኮይኖም። እቲ ዝነበረ ኣካይዳ ከብጽሖ ዝኽእል ሓደጋ እንካብ ዘይምርዳእ ወይ ንምርዳእ እንካብ ዘይምድላይ ክኸውን ይኽእል፤ ንቱ ፀገም ንምእላይ ዝተገብረ ጻዕሪ ኣይነበረን። ኣብ ክንድኡ ኩሉ ኣጀንዳታት ንጎኒ ብምሕዳግ ማኅበር መሥርትካ ንቱ ኣኼባ ምድምዳም እቲ ዝድለ ፍረ ዘፍሪ መሲሉ ዝተርአዮም፤ ወይ ከዓ ንኹሉ ዝሓቍፈ ማሕበር ናይ ምምሥራት ድላይ ዘይነበሮም ወገናት ብቐጥታ ማሕበር ይመስረት ዝብል ሓሳብ እዮም ዝደፍኡ ነይሮም።

ብኻሊእ ወገን፤ ማሕበር ምምስራት ጥራይ ዘይኮነስ ዝምስረት ማሕበር ዝህልዎ ቀጻልነትን ክህቦም ዝኽእሉ ኣገልግሎታትን ፈሊኻን ነጽርካን ምፍላጥን ምቅማጥን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ቁሩብ ጊዜ ወስድካ ማሕበራት እናተመሥረቱ ተዳኺሞም ዝጠፍኡሉ ኩነታት ብዙሕ ጊዜ ዘጋጠመና ስለዝኾነ እዙይ ተፈልዩ ተጸኒዑ ክፍወስ ይግባእ ነይሩ። ንቱ ሕማም ብግቡእ ፈሊጥካ፣ ክፍወስ ዘለዎ እንተይፈወስካ ማሕበር ናብ 'ምምሥራት' ዝግበር ጉያ ሐዚ'ውን ናብ ውድቀት እዩ ከምርሕ፤ እቲ ድሕሪ ሐዚ ዘጓንፍ ምፍራስ'ውን እቲ ዝተመሥረተ ማሕበር ከተግብሮም ዘውጽኦም መደባት ክትግበሩ ዘይምኽኣሎም ጥራይ ዘይኮነስ ንሓዋሩ ኣብ ማሕበረ-ሰብና ማሕበር ኣብ ዝበሃል ጉዳይ ተስፋ ናይ ምቑራጽ ሳዕቤን ከየስዕብ ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ ዝብል ሓሳብ'ውን ቀሪቡ ነይሩ። ይኹን እምበር እዚ ዝቀረበ ሓሳብውን ክብደት ኣይተውሃቦን። ድሕሪ ናይ ሽድሽተ ሰዓታት ናይ ስልኪ ኣኼባ ምክያድ ናይ ድጋፍ ወይ ተቓውሞ ድምጺ እንተይተጠየቐ ማኅበር ንክምሥረት ምርድዳእ ከምዘሎ ተገይሩ እዩ ተሓልፉ። ኣብቲ ኣኼባ ዝተልዓሉ ነጥብታት ግቡእ ምይይጥ ተገይሩሎም ብምርድዳእ መዕልቦ ክግበረሎም ዘይምኽኣሉን ንቶም ዝተቐመጡ ኣጀንዳታት ተኸቲልካ ዘይምኻድን ድኽመት ነይሩ። እዚ ድኽመት ነይሩ ኢልካ ክሕለፍ ዘለዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ከምዚኦም ዓይነት ብተደጋጋሚ ዝረአዩ ኣካይዳታት ናይ ባዕሎም ሕማቕ ጽልዋ ኣንቢሮም ምሕላፎም ክዝንጋዕ ዘይግበኦ ነጥቢ ኮይኑ ንረኽቦ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፤ እቶም ብቕልጡፍ ማሕበር ክቋቋም ኣሎዎ ኢሎም ዝደፍኡ ዝነበሩ ወገናት፤ ኣብ መወዳእታ እቲ ኣኼባ የማን ፀጋም ሪእዮም ልምዲ ንዘለዎም ሰባት'ውን ኣማኺሮምን ጠይቖምን ንኹሉ ኢሮበታይ ከሳትፍ ዝኽእል ማሕበር ንምምሥራት፤ ናይቲ ዝምስረት ማሕበር መሰረታዊ ዓላማ እንታይ ክኸውን ከምዝግባእ ንምዝታይ ዘኽእሉ ከምመልዓሊ ክኾኑና ዝኽእሉ ኣብ ጽንዓት ዝተመርኰሱ መቀራረቢ ሓሳባት ክተቕርበልና እትኽእል ኮሚቴ ምምራፅ ኣድላይ እዩ ብምባል 7ተ ኣባላት ዝሓዘት ኮሚቴ ንኽትምረጽ ገበሩ። ግን ምስቲ ጠቕላላ ኣካይዳ እቲ ኣኼባ እንትረአ፤ እቶም ኣጀንዳታት በዝግባእ መዕለቢ እንተይተገበረሎምን እቲ ዝቐርብ ዝነበረ ዝተፈለየ ሓሳባት ግቡእ መዕለቢ እንተይረኸበን ናብ ምምሥራት ኮሚቴ ምኻድ ግቡእ ኣይነበረን። ኮይኑ ግን እቲ ኣኼባ እቶም ብጉያ ጉያ ማሕበር ክምሥረት ድልየት ዝነበሮም ወገናት ብዘቕረብዎ ሓሳብ መሠረት ኮሚቴ ተዋቒሩ ናይቲ ዕለት ኣኼባ ተዓፂዩ።

ብጥሪ 24 ፤ 2006 ዓ.ም ዝተገብረ ናይ ስልኪ ኣኼባ

እቲ ኣኼባ ከምቲ ዝተለምደ ቁሩብ ሰዓት ኣሕሊፉ እዩ ተጀሚሩ። ኮይኑ'ውን እንትጅመር ኣቶ ተስፋይ ደስታ እዩ ከፊትዎ። ናይ'ቲ ኣኼባ ዕላማ ድሕሪ ምሕባር፤ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዝተሰየመ ኮሚቴ ጽንዓቱ ንከቕርብ ናብ መድረኽ ዓደመ። እቲ ኮሚቴ'ውን ብወኪሉ ኣቢሉ ኣጽኒዐዮ ዝበሎ ጸብጻብ ከምዙ ዝስዕቢ ኣቕረበ፦

ሀ/ እዚ ዝቋቋም ማሕበር እቲ ቅድሚ ዓሠርተ ዓመታት ኣብ መቐለ ተመሥሪቱ ናይዝነበረ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (IDA) ጨንፈር ይኹውን፤

ለ/ ኣባል ናይዙ ማኅበር ሓዳር ዘይብሉ እንተኾይኑ $240.00 ብዓመት ይኸፍል። ሰብ ሓዳር እንተኾይኖም ከዓ ሰብኣይን ሰበይትን ብሓባር $300.00 ብዓመት ይኸፍሉ።

ሐ/ እዙ ከምሥረት ዝኾነ ማሕበር ናይ ባዕሉ ድረገጽ ክህልዎ ኢዩ።

እዙ ኣቀራርባ ምናልባት ንሓድሓደ ተሳተፍቲ ኣኼባ ቅቡል እኳ እንተነበረ፤ ብዚኣን ብሃንደበት ዝቐረባ ውሳኔታት ዘይተገረመ ውሑድ ኣይነበረን። እዚኣን ውሳኔታት ብወኪል እቲ ኮሚቴ እንትቐርባ ኣብ ዓመት ናይ ዝኽፈል ገንዘብ መጠን ውሳኔ እንትቐርብ ልስልስ ብዝበለ ቃላት እንትግለጽ፤ እቲ ዝቋቋም ማኅበር ቅርንጫፍ IDA እዩ ክኸውን ዝብል ግን ጥንክር ብዝበለ ኣገላልጻ እዩ ነይሩ።

ዝደለኻዮ መልእኽቲ ንምሕላፍ እትጥቀመሎም ቃላትን ኣወራውራ እቶም ቃላትን ንባዕሉ ዝኽኣለ መልእኽቲ ከምዘለዎ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፤ ኣብዚ ከም ሓደ ረቛሒ ነጥቢ ቆጺርና እነልዕሎ ኣይኮነን። ትኹረትና ኣብቲ ዓቢይ ረቑሓ ዘለዎ ነጥቢ እዩ ዝኸውን። ንሱ'ውን እታ ዝተጣየሸት ኮሚቴ ዝተውሃባ ውክልና ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገልጸ ውሳኔ ወሲና ኣኼባ ናይ ምጽዋዕ መሰል ይኹን ሓላፍነት ኣይተውሃባን ዝብል ኢዩ። ብኣሠራርሓ ደረጃ'ውን ጽንዓት ገይራ ዝገበረቶ ጽንዓት እንታይ ከምዝኾነ ዝሕብር ሪፖርት እያ ክትገብር እቲኽእል እምበር ውሳኔ ወሲና ክተውሕጥ ኣይትኽእልን። እዛ ኮሚቴ ዝገበረቶ ግን ከምኡ እዩ። ውሳኔ ናይምውሳን መሰል መን ህቡዋ? ውሳኔ ናይምሃብ ሥልጣን እንካበይ እያ ረኺባቶ? ዝብሉን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ጥያቄታትን ምልዓል ኣገባብ እዩ ዝብል እምነት ኣሎና።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዝተጸርሐት ኮሚቴ፤ ኡዙ ኣብ ፊደላት "ሀ"ን "ለ" ዝሰፈረ ውሳኔ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ኣይተውሃባን። ክወሃባውን ኣይግባእን። ኣብዙይ ፈላሊኻ ክረአዩ ዝግበኦም ክልተ ጉዳያት ኣለዉ። ንሳቶም'ውን ከምዙ ብታሕሣሥ 19 2006 ብዝተገብረ ኣኼባ እትስየም ኮሚቴ ዝህልዋ ሓላፍነት ውሱንን ጊዜያውን ምኻኑ እዩ። ሓላፍነታ ብሥሩዕ መንገዲ ማኅበር ምስተመሥረተ መታሓዳደሪ ደምቢ ብዝእዝዞ መሠረት ንቱ ማኅበር ክትመርሕ ብድሚጺ ኣባላት እትምረጽ ኮሚቴ ካብ ዝህልዋ ሓላፍነት ከምዝፍለ ምፍላጥ ናይ ኣመሠራርታ ማኅበራት ሀ ሁ እዩ። እዛ ዓለምለኸ ማኅበር ደቂ ኢሮብ ከመይ ክምሥረት ከምዘሎዎ ንኽተጽንዕ ውክልና ዝተውሃባ ኮሚቴ፤ እንኳይዶ ግቡእ መጽናዕቲ ክትገብርስ ዝተውሃባ ውክልና ወይ ካዓ ሓላፍነት እንታይ ከምዝኾነ'ውን ነጺራ ናይምፍላጥ ዓቕሚ'ውን ዝነበራ ኣይኮነትን።

እታ ኮሚቴ ዝተውሃባ ሓላፍነት እንታይ ምዃኑ ነጺርካ ናይምርዳእ ድኽመት ከምዝነበራ ካዓ ብሥራሓ እያ ኣመስኪራ። 7 ኣባላት ዝሓቘፈት ኮሚቴ ከምዙይ ዓይነት ዘይተውሃበካ ሓላፍነት እንካብ ህዝቢ ብወነንካ መንዚዕካ ምጕዓዝ ነውሪ ምዃኑ፤ ብኸምዙይ ዓይነት መንገዲ'ውን ንኹሉ ዘሳትፍ ማሕበር ምምሥራት ከምዘይከኣል ናይምርዳእ ጸገም ነይሩዋ። ቀንዲ ዕላማ ህዝቢ ንምትእኽኻብ እንተደኣ ነይሩ ኣብዙ ዝተጠቐሰ ኣኼባ ዝነበረ ኣካይዳ ኣኼባ ብተቓራኒ እዩ ነይሩ። ተኣካባይ ዝመስሎ ነገር ዘቲዩ ዝረብሖን ዝጎድኦን መሚዩ ናይ ምውሳን ዕድል እንትንፈጎ ይዕምጽ

እዩ። ክእከብ ዝድለ እንተኾይኑ ዘተኣኻኽቦ ጉዳይ ባዕሉ ዘትዩ ኣመክንዮ ብዘለዎ፣ ኀዳኢን ጠቓሚን ኀንታቱ መዚኑን ተኣማሚኑን እዩ ማሕበሩ ክምሥርት ዘለዎ። ኣብ ዝተጠቐሰ ኣኼባ ግን እዚ ዕድል ኣይተውሃቦን፣ ሳዕቡ ካዓ ክንዲ ምትእኽኻብ ምብትታን እዩ። ምብትታን ከዓ ግቡእ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን ንቱ ዝነበረ ኣካይዳ ልክዕ ኣይኮነን ንዝብሉ ድምጽታት ምዕፋን ግቡእ ኣይነበረን። ውሳኔ ናይታ ኮሚቴ ኣገባብ ከምዘይኮነ ዝሓበሩ ተሳተፍቲ ነይሮም እዮም። ይኹን እምበር ብዘይውሕሉል ኣሠራርሓ እንትኽፍእ'ውን ብስእነት ቅኑዕ ልቦና ናይዚኦም ድምጺ ከይስማዕ ይዕጾ እዩ ነይሩ። ስለዚኾነ'ውን በዚ ኣካይዳ ዝጅመር ጉዕዞ ጸገማት ከጓንፍዎ ግዲን እዩ።

እቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ እኹል ዲዩ ኣይኮነን? ዝብል ነጥቢ ምልዓል'ውን ግቡእ እኳ እንተኾነ፣ ናብ ዝርዝር ከይንኣቱ ዝግድቡና ክልተ ምኽንያታት ስለዘለዉ ክንሰግሮም ንመርጽ። እቲ ቀዳማይ ምኽንያት ናይ'ዙ ኮሚቴ ኣባላት ንዙ ከምዚ ዓይነት ብዝተወሰነ ደረጃ'ውን እንተኾነ ግቡእ ኣቓልቦ ክወሃቦም ዝግብኦም ነጥብታት ነጺርካ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ክንደየናይ ከምዝኾነ እንካብ ዘይምፍላጥ ዝለዓል እንትኾን፣ እቲ ኮሚቴ ዓቕሚ ዝንእሶ እንተኾይኑ ካዓ ዓቕሚ ንምንታይ ይንእሶ ዝብል ወቐሳ ምቕራብ ከምዘይከአል ርዱእ እዩ ዝብል እንትከውን፣ እቲ ካልኣይ ምክንያት ካዓ፣ ናይዚ ጽሑፍ ዕላማ ናይቲ መጽናዕቲ ጉዳይ ምፍታሽ ስለዘይኮነ እዩ።

ስለዙይ ትኹረት እንህቦ ኣብ ፊደላት "ሀ"ን "ለ" ብዛዕባ ዝቐረበ ውሳነ እዩ። ብሓጺሩ እቱ ኮሚቴ እዙ ውሳኔ እዙይ ናይ ምውሳን ውክልና ዝተውሃቦ ስለዘይኮነ፣ እቶም 'ብመጽናዕቲ' ዝረኸቦም ሓሳባት ጸሙቑ እቱ ተሳታፊ ኣኼባ ተዛቲዩ ተኸራኺሩ ዝውሰኽ ወሲኹ፣ ዝስረዝ ሰሪዙ ንኸጽድቖ ወይ ንኸነጽጎ ንምይይጥ እንካብ ምቕራብ ወጻኢ ውሳኔ ወሲኑ ናይ ምቕራብ መሰል የብሉን። ይኹን እምበር ንቱ ኮሚቴ ወኪሉ ናይቱ ኮሚቴ ውሳኔታት ዘቕርብ ዝነበረ ኣይተ ኣብራሃ ስብሓት ነቱ መድረኽ ተቖጻጺሩ ናይቲ ኮሚቴ ውክልና ጥራሕ ዘይኮነስ ናይቲ ኣኼባ ኣቦመንበርነት'ውን መን ከምዝሃቦ እንከይተፈልጠ ወኒኑዎ እዩ ነይሩ።

እቲ ተጻኒዑ ተባሂሉ ዝቐረበ ጸብጻብ'ውን ዝተማለአ ኣይኮነን። ማሕበራት እናተመሥረቱ ንምንታይ እዮም ዝፈርሱ? ንኹሉ ኢሮበታይ ዘተሓባብር ማሕበር ንኽምሥረት እንታይ ክግበር ኣለዎ? ጸገማት እንተሊዮም እንታይ እዮም? ክድህስስ ነይሩዎ። እንካብኡ ሓሊፉ'ውን ማሕበር ክንምስርት አሎና ዝብል ናይ መብዛሕቲኡ ውሳነ እንተኾይኑ ዝምሥረት ማሕበር ምስቱ ሓደ ወይ ምስቱ ኻሊእ ጽግዕተኛ ዝኸውን ዘይኮነስ፣ ነጻ ማሕበር ኮይኑ ዓቕሙ ብዝፈቕዶ መጠን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ምስ ዘለዉ ማሕበራት ክህልዎ ዝግባእ ዝምድና ጽቡቕ ንዝሠርሑ ማሕበራት እናረኣየ ከከም ሥራሖም እናመዘነ ዝሕግዝ እዩ ክኸውን ዝግበኦ ዝብሉ ሓሳባት ቀሪቦም ነይሮም። እቲ ዝገርም ግን ንቶም ዝቐረቡ ሓሳባት እቲ ተሳታፊ ክንዲ ዝመያየጠሉን ብምኽንያት እናደገፈ ክቕበሎ ወይ ክነጽጎ ክንዲ ምፍቃድ፣ ኣይተ አብራሃ ንቃለ መጠይቕ ተጸዊዑ ዝመጸ ይመስል "ጽናሕ'ሞ መልሲ ክህቦ እየ" እናበለ ንባዕሉ ናይቱ ኣኼባ መራሒ ኣቦመንበር ምግባር ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ ቃሕ ከምዝበሎ ብምልካውነት ከውስን እዩ ዝወዓለ።

ከምዚ ዓይነት ኣሠራርሓ ንቱ ዝተኣከበ ህዝቢ እንካብ ዝህልወካ ንዕቐት ዝነቅል ወይ ድማ እቲ ውልቀ-ሰብ ሥርዓት ኣካይዳ ኣኼባ ብዘይምፍላጥ ዝኾነ ነገር ክኸውን ይክል። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይግባእ ነገር እንተሃለወ ኣብዚ ውልቀ-ሰብ ከምዚ ዓይነት አሠራርሓ ዝተርአየ ንመጀመርያ ጊዜ ዘይምኳኑ ኢዩ። ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ንሱ ዘይሰማመዐሉ ርእቶታት ስለዝተደጋገሙ እንከይሓፈረ "እዙ ተለኮንፈረንስ አብዙይ ዓዒየ ኣሎኹ፣ እዚ አኼባ ክትቅፅሉ እንተደልየኩም ሰባት አብ ውሽጢ ሕደት ደቃይቅ ደዊልና ሓዲሽ ቍፅሪ ስልኪን ኮድን ክወሃበኩም

ኢዩ” ብምባል ፍፁም ኢ-ደሞክራሲያዊ ዝንባሌ ዘርኣየ ሰብ ኢዩ። እቱ ዝገርም ነገር ሽዑ’ውን እቱ ኣኽባ ክጅመር ከሎ አቦመንበር ዝነበረ ካልእ ሰብ ነይሩስ ኣይተ አብርሃ አብ መንጎ ኢዩ ኣቦመንበርነት ዝወሰዶ። ምክንያቱ ህዝቢ ምንዓቅ ይኩን ኣካይዳ ኣከባ ዘይምፍላጥ ብዛዕባ ዓዱን ህዝቡን ንክዛተ ዝተኣከበ ተሳታፊ ምንዓቕ ሳዕቤን ኣለዎ። ንሱ’ውን ህዝቢ ከይጥርነፍ ዕንቅፋት ምዃን እዩ። እቱ ተኣካባይ ህዝቢ እንካብ ድልየት ውልቀሰባት ንላዕሊ ምዃኑ አፍልጦ ክወሃቦ ይግባእ። ነዚ ኣፍልጦ ናይምሃብ ዓቕሚ ወይ ድልየት ዘይብሎም ውልቀሰባት ወይ ኮሚቴ ህዝቢ መሪሖም ጥዑይ ማሕበር ክምሥርቱ ዘይሕሰብ እዩ። ህዝቢ ንምትእኽኻብ ዝሓስብ ወገን ንህዝቢ ኣኽብሮትን ሓሊዮትን ዘቐድም ክኸውን ይግባእ። ንህዝቢ ንኣኽባ ዓዲምካ ብስሙ ኩሉ ጉዳይ ብድልየትካን ብወነንካን ናይ ተኣካባይ ድልየት ኣምስልካ ውሳኔ ምሕላፍ ጌጋ ጥራሕ ዘይኮነስ ብውሑድ ናይ ኣምባገነንነት ዝምባሌ ምህላዉ ዘመላኽት እዩ። እዚ ካዓ ግዜ ዝሓለፎን ክእረም ዝግበኦ ከይዲን ባህረን ኢዩ።

ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ውልቀሰባት ወይ ጉጅለታት ከከም ድልየቶምን ዝንባሌኦምን ናይ ምድርጃው ክገሃስ ዘይግቦኦ መሰል ከምዘለዎም ኢዩ። እዚ ብጣዕሚ እነኽብሮ መሰረታዊ እምነትና ኢዩ። ምስዙ እንጽብጽቦ ዘሎና ኣኽባ ኣተሓሒዝካ እንትረአ፤ ድልየት ዘለዎም ኣብ ዲያስፖራ ዝነብሩ ውልቀሰባት ኣብ ትሕቲ IDA ተጠሚሮም ክውደቡን ክሠርሑን እንተደልዮም ምርጫኦም እዩ፤ እዚ ምርጫኦም’ውን ነኽብረሎም ኢና። ኣብ IDA ተጠርኒፎም ንህዝቢን ዓዲን ዝጠቅም ነገር ዝሠርሑ እንተኾይኖም ክተባብዑን ክድገፉን እዩ ዝግቦኦም ኢልና’ውን ንኣምን። ናይ ሠናይ ግብሪ ኣብነት ኮይኖም ብተግባር እንትንርኦም ኩልና ክንስዕቦም’ውን ዝከኣል እዩ።

እቲ ጸገም ዝኸውን ግን ብሓደ ወገን እቲ ኣብ ዲያስፖራ ተበታቲኑ ዘሎ ኢሮበታይ ኣክብና ማሕበር ምምሥራት እዩ መሰረታዊ ዕላማና ምባል፤ ብኻልእ ወገን ግን ብከመይ ከውደብን ናይመን ተቀፅላ ኮይኑ ክሠርሕ ከምዘለዎን ወሲንካ መፂእኻ፤ ይውሓድ ይብዛሕ ዝኸተለና ሒዝና ክንቅፅል ኢና ምሳና ዘይሰማማዕ መንገዱ ክሕዝ ይኽእል እናበልካ ዝግበር ጉዕዞ ንህዝቢ ተዓመት’ሞ ከዐሽወካ ዓይነት ኣካይዳ ጌጋን ውጽኢት ዘይብሉ ስለዝኾነ፤ እቲ ተኣካባይ ህዝቢ ዘትዩ ዝጥዕሞ ነገር ክውስን ክፉት ክኸውን ነይሩዎ ዝብል እዩ ርእቶና። እቲ ተኣካባይ ህዝቢ ተዛትዩ ከይውስን በሪ ዓፅኻ ባዕልኻን ምሳኻ ብሓሳብ ዝሰማመዑን ንስኻ እትምነዮ ንኽጸውዩልካ ብምግባር ዝወሰንካዮ ውሳነ ናይቲ ኣኽባ ውሳኔ ከምዝኾነ ኣምሲልካ “ብዓወት ተዛዚሙ” ኢልካ ምእዋጅ እናጎየዩ ዝተዓጠቑዎ ስረ እናጎየዩ ይፍታሕ ዓይነት’ዩ ዝኸውን ዝብል እምነት አሎና። ንክዛረቡ ዕድል ዝተነፍጎም ወይ ከዓ ኣካይዳ እቱ ኣኽባ ብምዕዛብ እንታይ ኣፍና ኣጸየቐና ኢሎም ዝወጹ ወይ ሱቕ ዝበሉ ብዙሓት ለባማት ደቂ ኢሮብ ከምዝህልዉ’ውን ኣየጠራጥርን። ኩሉ ሰብ ሓሳቡ ንክህብ ዕድል ዘይምርካቡ ንቱ ኣኽባ ድኹዒ ከይረክብ ምግባር እዩ።

እዚ ንምርኣይ ሓደ ኣብነት ንውሰድ፤ ሓደ ሰብ ንሕና ናይ ባዕልና ነጻ ዝኾነ ማሕበር መሥሪትና ዝሐሸ ዝረአ ሥራሕ ዝሠርሐ እናወዳደርና ንቱ ዝበለጸ ሥራሕ ዝሠርሕ እዩ ክንረድእ ዝግበአና’ምበር ናይ ሓደ ማሕበር ተኸተልቲ ምዃን ኣየድልየናን ዝብል ሓሳብ ኣቕሪቡ ነይሩ። ሓደ ዕሙቕ ምይይጥ ዝጥይቕ ሓሳብ እዩ ነይሩ። ወናኒ መድረኽ ግን መልሲ ሂቢካ ኣሎኹ፤ ሓሳብካ ቅቡል ኣይኮነን ኢሉ እዩ ዓጽዩዎ። እዙ ኣመራርሓ ኣኽባ ብዓይኒ ሓቂን ዴሞክራሲን እንትረአ ግጉይ እዩ። ካሊእ ኣብ ትሕቲ IDA ብድልየትን ውሳነን ውሱናት ውልቀሰባት ክንጥርነፍ ቅድሚ ምግዳድና ንምዃኑ IDA መኣዝ እዩ ተመሥሪቱ? ብመን ኢዩ ተመስሪቱ? እቶም መስረቲ IDA ሎሚ አበይ አለዉ? መራሕቱ እንመን ኢዮም? እንካብ ዝምሥረትከ እንታይ እንታይ ሠሪሑ? ኣበይ ቦታ? …..ወዘተ. ዝኣመሰሉ ብዙሓት ሕቶታት ክምለስን ብዛዕባ IDA ሙሉእ ሓበሬታ

ክወሃበናን ይግባእ ነይሩ። ብድሕሪኡ'ውን ህዝቢ ሓሳብ ክለዋወጠሉ ዕድል ክወሃቦ ነይሩዎ። ብድሕሪኡ ብድምጺ ብልጫ ክሓልፍ ነይሩዎ። እታ ቕንዕቲ ኣካይዳ እዚኣ እያ ነይራ። ኣይተገብረትን! ብዙ ምኽንያት ከዓ ኢሮብ ማብሎ እዙ ኹሉ ድኻም ዝተገብረሉን ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደን ኣኼባታት ውጽእት ንከይህልዎ እዩ ተገይሩ ዝብል እምነት አለዎ። እዙይ ሓቂ ዲዩ ጌጋ ኣብ ከይዲ እንርእዮ ኮይኑ ኢሮብ ማብሎ ንህዝቢ ኢሮብ ዝጠቅሙ ፕሮጀክትታት ብመጽናዕቲ ተደጊፎም ምስዝቐርቡ ዓቕሙ ብዝፈቐደ ኩሉ ዝሳተፍ ምዃኑ ግን ክነፍልጥ ንደሊ።

ንኹሉ ኢሮበታይ ዘተኣኻኽብ ማሕበር ክምስረት ኢልካ ህዝቢ ንኸእከብ ገይርካ ብዉሱናት ውልቀሰባት ወሲኒካዩ ዝመጻእኻ ውሳኔ ንቱ ሓፋሽ ንክቕበል ምግዳድ ነውሪ እዩ። ብኸምዙይ ዓይነት ኣካይዳ ዝምሥረት ንኹሉ ዝሓቑፍ ማሕበር ቅድሚ ሐዚ ኣይተርኣየን ንድሕሪ ሐዚውን ንኽረአ ዘለዎ ዕድል ጸቢብ እዩ። ስለ'ዙይ ብቱ ካልእ ወገን ዘሎ ሓሳብ እውን አዳሚጽካ ናይብሓቂ ንኹላትና ክጥርንፍ ዝኽእል ማሕበር ንምምስራት ሐዚውን አይመሰየን እሞ ንቱ ዝተገብረ ናይ አካይዳን አሠራርሓን ጌጋታት ክእረሙ ፃውዒት ይገበር።

ንቱ አላዩ ዘይቡሉ ሕዝብና ንግደሽ እንተኾይንናን ዝካኣለና ሓገዝ ንምግባር አብ ቅንዕና ዝተመሥረተ ድላይ እንተሊዩናን ንኽንደማመፅን ክንረዳዳእን ንፅዓር።

ለካቲት 2006 ዓ.ም.

ኢሮብ-ማብሎ